ምልክታ.ኮም

ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዓብይ ዓዲ ኣብ በጀት ዓመት 2011 ዓ/ም ኣብ ከተማና ዘሎ ሳዕርን ተክልን ማይ ንምስታይ ካብ 10000.00 ሽሕ ሊትሮ ዘይንእስ ማይ ክሕዝ ዝክእል ቦቴ መኪና ከቅርብ ዝክእል ዘስቲ ሰራሕተኛ ከም ትቦ ጎማን ካልኦትን ነዚ ዘድሊ ብናይ ባዕሉ ከቅርብ ዝክእል ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ::

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥሪ 16, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ የካቲት 5, 2011 03:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:25.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ የካቲት 5, 2011 03:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: መኪና ክራይ/ ትራንስፖርት ግልጋሎት/ ዕድጊት ኸቢደ መሺን/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፈቓድ ዘለኩምን ኣብ 2011 ዓ/ም ዘሐደስኩም /ሕድሳት ዘይሓለፎ/::

2 እቲ ጨረታ ናይ በዓል ዋና ሕጋዊ ማህተምን ፊርማን ክህልዎ ኣለዎ ::

3 መለለይ ካርዲ መቅረባይነት ዝተውሃቦ ወረቀት ምስክር ተወሳኪ እሴት ታክስ ዘለኩም፤ ናይ ወርሒ ታሕሳስ 2011ዓ/ም ሒሳብ ዘፍለጥኩምሉ መረዳእታ ክተቅርቡ ትክእሉ፤

4 ናይ መለለይ ካርድ ዘለኩምን ዘሐደስኩምን::

5 ናይ ቦቲ ሊብሮ መኪና ከቅርብ ዝክእል

6 ንጨረታ መክበሪ 5000.00 ቅርሺ ብ CPO ወይ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዝ ዝኽእል ::

7 ንሐደ ደክመንት ዘይምለሰ 25.00 ብር ብምክፋል ካብ ቤት ፅ/ትት/ፋ/ን ከተማ ዓ/ዓዲ ከ/ስራሕ ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ክፍሊ ቁፅሪ 6 ብምግዛእ ክጫረቱ ዝክእል::

8 ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅ/ት ት/ፋ/ን ከተማ ዓ/ዓዲ ምልክታ ካብ ዝተጠቀዐሉ ዕለት ጀሚሩ ብምዉሳድ ናይ መወዳደሪ ዋጋኹም ብምምላእ ኩሎም ዝተጠቐሱ አድለይቲ ኮፒን ኦርጅናልን ነንበይኑ ኣብ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰነድ ጨረታን ዝተዓሸገ ፖስታን ናይ በዓል ዋና ማህተምን ፊርማን ብምፅሓፍ ኣብ ቤት ፅ/ት ት/ፋ/ን ከተማ ዓ/ዓዲ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ንክትእትዉን ንክትወዳደሩ እናተሓሳሰበና::ኣብ ሰሙብ 3ተ መዓልቲ ኣብ መዓልቲ ድማ 5ተ ቢያጆ ኣመላሊሱ ከስቲ ዝክእል፤ዝሰቲ ቦታ ካብ ራእሲ ኣሉላ ሆቴል ክሳብ ምምሕዳር ዓብይ ዓዲ ምሉእ ብምሉእ ሳዕርን ተክልን ዝተለጠፈ ይሰቲ::

9 ምልክታ ኣብ አየር ዝፀንሐሉ ካበ ዕለት ካብ 14/05/2011 ዓ/ም ክሳብ 05/06/2011 ዓ/ም እንትከዉን 3:00 ናይ ንጉሆ::

10 ሳንዱቅ ጨረታ ዝዕሸገሉ ዕለት 05/06/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ናይ ንጉሆ::

11 ሳንዱቅ ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት 05/06/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ናይ ንጉሆ ኣብ ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዓብይ ዓዲ ኣብ ቅድሚ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ይካየድ። እቲ በዓል ዋና ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣይተረከበን ተባሂሉ ከይትከፈተ ዝምለስ ፖስታ ኣይህሉን::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ቤት ፅ/ትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙለእ ወይ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

13 ኣብቲ ዝወፀ ስፔስፊኬሽን ወይ መግለፂ ምንካይ ወይ ምቅያር ምስራዝን ኣይፈቀድን።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑፅሪታት ስልኪ 0344-460058 /1121 ብምድዋል ይሕተቱ::

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle